## ኢሳይያስ 52

7 እቲ ብስራት ዜበስር፡ ሰላም ዜውሪ፡ ሰናይ ዜበስር፡ ምድሓን ዜውሪ፡ ንጽዮን ከኣ፡ ኣምላኽኪ
ይነግስ፡ ዚብል፡ ኣእጋሩ ኣብ ኣኽራን ክንደይ ጽቡቓት እየን።
8 እግዚኣብሄር ናብ ጽዮን ምስ ተመልሰ፡ ዓይኒ ንዓይኒ ኺርእይዎ እዮም እሞ፡ እቶም ደርቱምኪ
ድምጾም ዓው ኣቢሎም ሐቢሮም እልል ኪብሉ እዮም።
9 ኣትን ዑናታት የሩሳሌም፡ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ስለ ዘጸናንዖ፡ ንየሩሳሌም ስለ እተበጀዋ፡ ብሓጐስ
እልል በላ፡ ሐቢርክን ኣመስግና።
10 እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ኹሎም ኣህዛብ ነቲ ቅዱስ ቅልጽሙ ቐልዖ፡ ኲለን ወሰናት ምድሪ
ኸኣ ምድሓን ኣምላኽና ኺርእያ እየን።

## ፊሊጺ 4

4 ብጐይታ ኹሉ ሳዕ ተሓጐሱ፡ ደጊመ፤ ተሓጐሱ፡ እብል ኣሎኹ።
5 እቲ ለውሃትኩም ኣብ ኵሉ ሰብ ይፈለጥ፡ እግዚኣብሄር ቀረባ እዩ።
6 ድሌትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማኖን ምስናይ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር፡ ብገለ እኳ
ኣይትጨነቑ።
7 እቲ ኻብ ኵሉ ኣእምሮ ዚበልጽ ሰላም ኣምላኽ ድማ ንልብኹምን ሓሳብኩምን ብክርስቶስ የሱስ
ኪሕልዎ እዩ።

## ወ. ዮሐንስ 1

19 ኣይሁድ፥ ንስኻ መን ኢኻ፧ ኢሎም ኪሐትዎ፡ ካብ የሩሳሌም ካህናትን ሌዋውያንን ምስ ለኣኹሉ፡
ምስክር ዮሃንስ እዚ እዩ፥
20 ንሱውን፥ ኣነስ ክርስቶስ ኣይኰንኩን፥ ኢሉ ተኣመነ እምበር፡ ኣይከሐደን።
21-22 ሽዑ ንሳቶም፡ መን ደኣ ኢኻ፧ ነቶም ዝለኣኹና ምላሽ ምእንቲ ኽንህቦምሲ፡ ብዛዕባ ርእስኻ
እንታይ ትብል፡ በልዎ።
23 ንሱ ኸኣ፥ ኣነስ፡ ከምቲ ነብዩ ኢሳይያስ፥ መገዲ እግዚኣብሄር ኣቕንዑ፡ ዝበሎ፡ ኣብ በረኻ ዚእውጅ
ድምጺ እየ፡ በሎም።
24 እቶም ልኡኻት ካብ ፈሪሳውያን ነበሩ።
25 ንሳቶም ከኣ፥ እምብኣርሲ ክርስቶስ፡ ወይ ኤልያስ፡ ወይ እቲ ነብዩ ኻብ ዘይኰንካስ፡ ንምንታይ
ደኣ ተጥምቕ አሎኻ፡ ኢሎም ሐተትዎ።
26 ዮሃንስ ድማ፥ ኣነ ብማይ ኤጥምቕ አሎኹ፡ ግናኸ ንስኻትኩም ዘይትፈልጥዎ ኣብ ማእከልኩም
ደው ኢሉ አሎ።
27 እቲ ቕድመይ ዝነበረ ድሕረይ ዚመጽእ፡ ንሱ እዩ፡ ኣነ ስራኽ ኣሳእኑ ንምፍታሕ እኳ ዘይበቕዕ እየ፡
ኢሉ መለሰ።
28 እዚ ኣብቲ ዮሃንስ የጥምቐሉ ዝነበረ፡ ኣብ ቢታንያ ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ኰነ።